## ኣደ ድሕነት፥ ደቅኹም ኣምጽኡለይ፣ ከም ሓቀኛ ኣደ ኩሎም ደቂ ኣምላኽ፣ ንወደይ መታን ክውፍዮም

**ረቡዕ፣ ሰነ 26, 2013 ሰዓት 16፣50**

ክቡራት ደቀይ፣ ከም ኣዴኹም መጠን ደቅኹም ናባይ ከተምጽኡዎም እጽውዕ ኣለኹ፣ መታን ከም ሓቀኛ ኣደ ኩሎም ደቂ ኣምላኽ መጠን፣ ንወደይ ንየሱስ ክርስቶስ ክውፍዮም ክኽእል።

ብመንገደይ፣ ብኣደ ድሕነት፣ ንደቅኹም ናብ ወደይ ክትውፍዩዎም ከለኹም፣ ኣብ ነፍሲታቶም ዓበይቲ ጸጋታት መታን ክፍስሰሎም ኣብ ቅድሚ ወደይ ከቕርቦም ኢየ።

ወደይ ንደቂ ኣምላኽ ዘለዎ ፍቕሪ ፈጺምኩም ኣይትረስዑዎ። ዕድሜኦም ብዘየገድስ ስለ ምንጻህ ነፍሲታቶም፣ ናብ ወደይ ብመንገደይ መንገዲ ብርኽቲ ኣዴኡ እንተኣቕሪብኩሞም፣ ጸሎትኩም ክምለሰልኩም ኢዩ። ንደቅኹም ዝኸውን ጸሎት ገድሊ እነሆ። መዓልታዊ ክድገም እንከሎ፣ ንደቅኹም ናብ መሓሪት ዝኾነት ልቢ የሱስ ከቕርቦም ኢዩ።

## ጸሎት ገድሊ (111) ደቅኹም ንየሱስ ክርስቶስ ምውፋይ

ኦ ክብርቲ ኣደ ድሕነት፣

ናይ መንፈስ ሰላምን ፍቕሪ ልቢን መታን ከምጽኣሎም፣ ንደቀይ (ኣስማት ደቂ ኣብዚ ጥቐሱ) ኣብ ቅድሚ ወድኺ እውፍዮም ኣለኹ።

*ደቀይ ኣብ መሓሪ ሕቑፊ ወድኺ ተቐቢሉ ካብ ሓደጋ መታን ክሰውሮም በጃኺ ጸልዩሎም።*

*ንቅዱስ ቃል እግዚኣብሄር ሓቀኛታት ኮይኖም ክጸንሑ ሓግዝዮም፣ ብፍላይ'ኳ ኣብ'ቲ ካብኡ ክርሕቁ ኣብ ዝፍተኑሉ እዋናት። ኣሜን።*

*ሕቶይ፣ ኣብ ከንዳኻ፣ ንፍቑራት ደቅኻ፣ ከም ፍሉይ ህያብ ንዓይ ነዴኡ ክብል ወደይ ከቕበሎ ኢዩ፣ እቲ ንዝጠፍኣ ነፍሳት ደቂ ኣምላኽ ናይ ምድሓነን ተልእኾ ንወደይ ዝኣተኹዎ መብጽዓ ክፍጽም ኣብ ምብጋሰይ ዝጅምረሉ እዋን ሕጂ ስለዝኾነ።*

*ተራይ ከም ኣደ ድሕነት ብዕቱብን ብፍሉያት ህያባትን ተጀሚሩ ኣሎ፣ ምሕረት እግዚኣብሄር ንሓጥኣን መታን ክዋሃብ ብዝገብሮ ምሕጽንታይ፣ ነቶም ስመይ ዝጸውዑ ብብዝሒ ክዋሃብ ኢዩ።*

ሰላም ተጓዓዙ። ኣነ፣ ፍቕርቲ ኣደ ድሕነትኩም፣ ንድሕነት ነፍሳት ኢልኩም ንእትገብርዎ ጻውዒትኩም ኩል ግዜ ክምልሰልኩም ኢየ።

ፍትውቲ ኣዴኹም

ኪዳነ ምሕረት

**እቲ ቅዱስ ቃል ኣምላኽ ኣብ ዓለም ከይፍለጥ ዝኽልክሉዎ፣ ፍትሒ ናተይ ክትወርዶም'ያ**

ሓሙስ፣ ሰነ 27, 2013 ሰዓት 23፣20

ኣዚኺ ዝተፈተኺ ጓለይ፣ ራኢታተይ ጓሂ ወይ ፍርሒ ከስዕቡልኪ ኣይተፍቅዲ። ትምርሒ ኢኺ ዘለኺ፣ ዋላ ኣብ'ቲ ስቅያት ምጽዋር እትስእንሉ ግዜ፣ በጃኺ ቃላተይ ዘክሪ። ኣቦይ ብመንገዲ እቶም ናይ ቀደም ነቢያት፣ ነቲ ናይ መወዳእታ ነቢይ፣ ናይ መወዳእታ ልኡኽ ክሰድድ ምኳኑ መብጽዓ ኣትዩ ኢዩ። **እዚ ክሳብ ክንደይ ዘፍርሕ ይኹን ወይ'ውን ክሳብ ክንደይ ራዕዲ ከምዝስማዓኪ ይግበር እምበር፣ በዚ ተግባር እዚ ኢዩ እቲ ናይ መወዳእታ ኪዳን እግዚኣብሄር ናብ ፍረ ዝበጽሕ።** ሕጂ እነግረኩም ኣለኹ፣ ኣቱም ንቃል እግዚኣብሄር ትጻረፉ፣ ፍርሑ። ዓይንኹም ሴርኩም በእዳውኩም ሸፍኑወን፣ ብፍላይ'ኳ እቶም ኣብ'ዚ ግዜ ብሰንኪ መልእኽቲታት ዕርቀይ ኣብ ገጸይ እትተፍኡለይ። ኣነ ኣብ ዘለኹዎ ደው ክትብሉ ኣይትበቕዑን ኢኹም። **እቶም ሕጂ ብኣይ እተላግጹ ክትሻቐሉ ኢኹም፣ ክሳብ'ታ ዓባይ መዓልቲ እትመጽእ'ውን ሻቕሎትኩም ክቕጽል ኢዩ፣ ምኽንያቱ ነተን ኣዝየን ዝብህገን ነፍሲታት ኣኽሲርኩምኒ ኢኹም።**

እቶም ብመንገዲ እዚኤን መልእኽታተይ ኣቢለ ንዝገብሮ ጣልቃ ምእታው እተናሽዉዎ ቅዱሳት ኣገልገልተይ፣ ከም'ዚ ዝስዕብ ዝሓተኩም መዓልቲ ክመጽእ ኢዩ። ሓቀኛ ድምጻይ ንምኽሓድ ኣብ ዘጥፋእኩሞ ግዜ፣ ክንደይ ነፍሲታት ናባይ ሰዲድኩም? ክንደይከ ካባይ ከምዝርሕቁ ጌርኩም፣ በቶም ኣነ ዝፈርደኩም ተግባራትኩም?

**እቶም ካብ ሞንጎኹም ኣንጻር መንፈስ ቅዱስ ዓው ኢልኩም ዝተጻረፍኩም፣ ቅድሚ እታ ዓባይ መዓልቲ፣ ከም ምልክት ንኹሎም፣ ተወቒዕኩም ክትወድቁ ኢኹም። ዋላ ሓንቲ ቃል ካብ ከናፍርኩም ኣይሞልቃን ኢየን፣ በዚ ተግባር ድማ ኣብ ሞንጎ ተኸተልከኹም ክትፍለጡ ኢኹም፣ በቶም ነዞም መልእኽቲታት ካብ እግዚኣብሄር ኣይመጽኡን ኢዮም እሞ ኣይትስምዑዎም ዝበልኩሞም ተኸተልትኹም።** ኣብ'ታ ዕለት እቲኣ ተኸተልትኹም ነቲ ሓቂ ክፈልጥዎ ኢዮም፣ ኣብ ቅድሜይ ድማ ክትወድቁ ኢኹም። ነዚ መጠንቀቕታ እዚ ዋላ ሓደ ይቕሬታ ኣይሓተሉን ኢየ። ቃላት መንፈስ ቅዱስ እንተኣመራሲሕኩም፣ ካባይ ክበትከኩም ኢየ፣ ሽዑ ብኣኻትኩምን በቶም ንስኹም ናብ'ቲ በዱ እተምጽኡዎም ኩሎም ሕሱም ኣውያት ክኸዉን ኢዩ።

**እቲ ቅዱስ ቃል ኣምላኽ ኣብ ዓለም ከይፍለጥ ዝኽልክሉዎ፣ ፍትሒ ናተይ ክትወርዶም'ያ። ናይዚ'ኦም'ሲ እቲ ዝኸፍኤ መቕጻዕቲ ክኸውን ኢዩ፣ ቃንዛ ናይዚ'ኦም ካብ'ቶም ኣብ ዝተሓተ ደረጃ ናይ ሲኦል ዘለዉ ዝኸፍኤ ክኸዉን ኢዩ።** ክፍኣትኩም ንብዙሓት ነቶም ኣብ ምድሪ ዘላ ቤተክርስቲያነይ እሙናት ዝኾኑ ንጹሃት ነፍሲታት ዘስካሕክሕ ኢዩ። እቲ ኣብ

ግዜኡ ዝቕላዕ ጭካኔኹም፣ ብብዙሓት ክርኤ ኢዩ፣ ሽዑ ሓቀኝነት ተኣማንነትኩም ንቃል ኣምላኽ ኣብ መወዳእትኡ ክፍተን ኢዩ። ሽዑ ኣብ'ታ ደቂ ኣምላኽ ክወስዶም ዝመጽኣላ ዓባይ ዕለት፣ እታ ካብ ስደት ነጻ ኣውጺኤ ናብ'ታ ናይ መወዳእታ ቤት ፍቕሪን ሰላምን ኣብ ሓድሽ ዘመን ናይ'ታ ሓዳስ ገነት ዝወስዶም መዓልቲ፣ ኣብ ቅድመይ ደው ክትብሉ ኢኹም። እዚ መንግስተ-ሰማያትን ምድሪን ሓደ ዝኾናሉ ግዜ ኢዩ።

መድሓኒኹም

የሱስ ክርስቶስ

ናይ ቅዳሴ ቅርጺ ለውጢ ኣብ ቀረባ ግዜ ኣብ ቤተክርስቲያንና ክቐርብ ኢዩ

ቀዳም፣ ሰነ 29, 2013 ሰዓት 21፣13

ኣዚኺ ዝተፈቐርኪ ጓለይ፣ ናይ ቅዳሴ ቅርጺ ለውጢ ኣብ ቀረባ ግዜ ኣብ ቤተክርስቲያንና ክቐርብ ኢዩ። ብዙሕ ሕልኽልኽ ዝበለን ንብዙሓት ድማ ኣብ ውሽጢ'ቲ ቅዳሴ ንዘለዉ ሓሶታት ክርእዩ ኣይክኽእሉን ኢዮም። ህላወይ ብኣዝዩ ዝረቐቐ ኣገባብ ክውገዝ ኢዩ፣ እቶም ነዚ ህላወይ ዝኽሕድ ሓድሽ ቅርጺ ዝኽተሉ፣ ነቲ ናይ እግዚኣብሄር መስዋእቲ በቲ ክኸውን ዝግብኦ ኣገባብ ክፍጽሙ ኣይክእሉን ኢዮም። **'ዛ ጓለይ፣ በዚ ራኢ'ዚ ጥራይ ጽልኢ ከተትርፊ ኢኺ፣ እንተኾነ እዚ ኣቐዲሙ ከም እተነግረ ክትፈልጢ ኣለኪ። ቅዱስ ቁርባን ብዛዕባ ኩሎም ህዝቢ - ኣብ ኩሉ ዘለዉ - ከም ሓደ ሓቢሮም፣ ንሓድሕዶም ፍቕሪ ዘርእይሉ ኢዩ ተባሂሎም ምእመናንይ ክንገሮም ኢዩ።** ቀስ ብቐስ፣ ግን ብርግጽ፣ ቅዱስ ቅዳሴ ብዛዕባ ቅዱስ መስዋእተይ ምኺኑ ክተርፍ ኢዩ። ኣብ ክንድኡ እቲ በዓል ንክብሪ ሰብ ተባሂሉ ክግበር ኢዩ፣ ንስኻትኩም ድማ ናብ'ቲ ኣብ ሞንጎ ቅዱሳት መሰውኢየይን ኩሎም ኣብ ዓለም ዘለዉ ጽላታት ምፍጣጥ ክትርእዩ ብጌጋ ክትምርሑ ኢኹም።
**እቲ መዓልታዊ መስዋእቲታት ደው ዝብለሉላ መዓልቲ ርሕቕቲ ኣይኮነትን።** ሕጂ ብዛዕባ'ዚ ከጠንቐቐኩም ከም ዝመጻኹ ፍለጡ፣ መታን ከይትጠምዩ። ህላወይ ክትንፈጉ ከለኹም፣ ናተይ መንፈስ ዘይብልኩም ክትኮኑ ኢኹም'ሞ ኣብ ጥቓይ ክትጸንሑ ኣጸጋሚ ኮይኑ ክትረኽቡዎ ኢኹም።

እቶም ክታልሉኹም ዝጥቀሙለን ቃላት፣ “ንረብሓ ኩሉ - ንሕብረት ኩሎም ደቂ ኣምላኽ” ዝብል ሓረግ ከጠቓልል ኢዩ። ቅዳሴ ሓድሽ ትርጉም ክህልዎ ኢዩ። ኣብ መስቀል ሞተይ ክርሳዕ ኢዩ፣ ኩሎም ምኽንያታት ናይ'ዚ ድማ ዝተፈልየ ትርጉም ክዋሃቦ ኢዩ። ኣብ'ቲ ዕለት፣ እዚ ሕጂ ዝብለኩም ቃላት ዘክሩ። ነቲ መተካእታ ተቐበሉዎ እሞ ህላወይ ክስወር ኢዩ። ምሳኹም ክኸውን ኢየ፣ እንተኾነ ነቲ ኣካለይ ኣይኮንኩምን እትካፈሉዎ።

ነቶም በቲ ኩሉ ኣሰራተይ ንምድምሳስ ድሮ ተፈጢሩ ዘሎ  ሕሱም ውጥን ዘይኣምኑ፣ ሕጂ እዚ እብል ኣለኹ። ኣነ ኣብ ዘየለኹሉ፣ ከተናድዩኒ ዲኹም? እቲ ቅዱስ ቁርባነይ ምስ ተራኽሰ፣ ነቶም ዝሕተቱሉ ምኽኒታት ኽትፈጥሩሎም ዲኹም? ወይ'ሲ ንዓይ ክትስዕቡኒን በቲ ሓሶት ተኸቢብኩም እንከለኹም ነቲ ሓቂ ክትሰምዑ ኢኹም።
እቲ ምርጫ ናትኩም ኢዩ።

ናትኩም የሱስ

**ኣደ ድሕነት፦ ኣነ ዝርኣኹዎ ፈጺሙ ኣብ ወረቐት ክሰፍር ኣይክእልን ኢዩ፣ ኣብ'ቲ መለኮታዊ ኣካሉ ዝወረዶ ጭካነ ኣዝዩ ኣነዋሪ ኢዩ ኔሩ**

**ሰኑይ፣ ሓምለ 01, 2013 ሰዓት 16፥43**

'ዞም ደቀይ፣ ስለ ወደይ ክትብሉ ኣብ እትሳቐዩሉ፣ ብሰንኪ ቃንዛ ዝኣክል እንተኣእወኹም ደሓን ኢዩ፣ ሰብ እንዲኹም። መግረፍቲ ወደይን ድሕሬኡ ድማ ዘርዕድ ኣብ መስቀል ምሽንካሩን ምስ ርኣኹ፣ ብጓሂ ዝኣክል መሃነነይ ጠፊኡኒ ኔሩ። ዝኾነ እንስሳ ኣብ እንዳ መሕረድ እንስሳ'ኳ ክጻወሮ ዘይክእል፣ ዘደንግጽ ኣካሉ ክጻወሮ ምስ ርኣኹ ብዙሕ ግዜያት ብሰንኪ ክጻወሮ ዘይክኣልኩ ነውጺ ሃለዋተይ ኣጥፊኤ ኢየ።

ከመይ ኔሩ ስቅያቱ፣ ዋላ ሓደ ክፈልጦ ዝኽእል የለን፣ ምኽንያቱ እቲ ኣነ ዝርኣኹዎ ፈጺምካ ኣብ ወረቐት ክሰፍር ዝኽእል ኣይኮነን፣ ኣብ'ቲ መለኮታዊ ኣካሉ ዝወረዱዎ ጭካነታት ኣዝዮም ኣነወርቲ ኢዮም ኔሮም። ስለ'ዚ ኢዩ ድማ ኣዝዩ ውሱን መግለጺ ብዛዕባ እቲ ከዋርዱዎ ኢሎም ዝዘለፉዎ ዝዋሃብ፣ ምኽንያቱ ኣዩ ዘሰንብድ ስለዝኾነ ምጽሓፉ'ሲ ነቲ ቅዱስ ስሙ መራኸሰ።

ንስኹም ደቀይ፣ ስቅያት ኣለኩም፣ እንተኾነ ካብ'ቲ ናቱ ቃንዛ ንእሽተይ ክፋል ጥራይ ኢያ። ኣብ ኣካላዊ ስቓይ ኣብ ዘለኹምሉ ግዜ፣ ወደይ ኣብ'ቶም ዝመርጸም ጥራይ እቲ ስቅያቱ ክርእዮ ከምዝፈቅድ ክትፈልጡ ኣለኩም። ነዚ ክገብር እንከሎ፣ ብመንገዲ ህያብ ነጻ-ፍቓድኩም ንክቡር ወደይ፣ ነቲ ክፉእ ንምቅዋሙ፣ ንምስዓሩን፣ ንምድምሳሱን ይሕግዞ ኢዩ። ነዚ ብምግባርኩም፣ ነፍሲኹምን ስጋኹምን ትውፍዩ ኣለኹም፣ እዚ ድማ ኣዝዩ ፍሉይ ህያብ ኢዩ ንዕኡ፣ ንኻልኦት ንምድሓን ዝጥቀመሉ ህያብ።

ስለ'ዚ፣ ወደይ ንስቅያትኩም ከብዝሖ እንከሎን ኣብ ውሽጥኹም ኮይኑ ብሓቂ ክሳቐ እንከሎን፣ እዚ ክትነጽጉዎ ዘይግባእ ጸጋ ምዃኑ  በጃኹም ተረድኡ። ሓንጎፉይ በሉዎ። ኣብ'ዚ ክሳብ ክንደይ ሓይሊ ከምዘሎ ኣብ ቀረባ ክርዳኣኩም ኢዩ። ወደይ ኣብ ውሽጢ ኣካል  ናይ ዝተመርጸት ነፍሲ ቁስልታቱ ከርኢ እንከሎ፣ ምስኡ ድማ መሪር ዝኾነ ምስጓግ ከመጽእ ኢዩ። ኣብ'ዚ ግዜ ኢዩ እቲ ክፉእ፣ ብከቢድን ጎነጻዊን ነድሪ ከጥቅዕ ዝጅምር። ኣብ መጀመርያ ክትፈርሑ ኢኹም፣ ሕጂ ተረዲእኩም ስለዘሎ ግን፣ ነዚ ተቐቢልኩም ነቲ ኣዝዩ ቅዱስ ውዳሴ ማርያመይ ብውሑዱ ሰለስተ ግዜ እንዳደገምኩም ንነብስኹም ብቐሊሉ ተኸላኸሉ።

ደቀየ፣ በጃኹም ፍርሒ ካብ'ዚ ስራሕ ከየርሕቐኩም ከምዘይተፍቅዱ ኣረጋግጹ፣ እቲ ክፉእ ነዚ ኢዩ'ሞ ዝደሊ። ተላዒልኩም፣ ኣንጻርኩም እቲ ጽልኢ ክዓቢ ከሎ ተጻወሩን ትም በሉን።

ኣብ ክንድ'ዚ ዝግዝፉ ተልእኾ ከምዚ'ኦም ዓይነት ፈተናታት እትጽበዮም ኢዮም። ሰላም ይሃልኹምን ኩሎም መላእኽትን ጻድቃናትን ምሳኻትኩምን መራሕትኹምን ምኧኖም ፍለጡ።

ፍቕርቲ ኣዴኹም

ኣደ እግዚኣብሄር

ኪዳነ ምሕረት

## ኣደ ድሕነት፡- ወደይ ናብ ዓለም ብኽብሪ ክመጽእ እተፍቅድ ዋላ ሓንቲ ማዕጾ'ኳ ኣይተኸፍተትን

**ረቡዕ፣ ሓምለ 03, 2013 ሰዓት 12፣57**

ክብርቲ ጓለይ፣ ብሰንኪ'ዚ ተልእኾ ናብ'ቲ በዱ እንተተሰንዲኺን እንተተነጺልኪን፣ ምኽንያቱ ስለምንታይ ምዃኑ ክትፈልጢዮ ኣገዳሲ ኢዩ። ምስፈለጥኪዮ፣ ንኽምቲ ዓይነት ጭካኔ ክትቅበሊዮ ቀሊል ክኾነልኪ ኢዩ።

ኣነ ኣብ ዝወለድኩሉ ግዜ፣ ወደይ ብኽብሪ ናብ'ዛ ዓለም ንኽመጽእ እተፍቅድ ዋላ ሓንቲ እኳ ትኹን ማዕጾ ኣይተኸፍተትን። ከም'ቲ ንወድ ሰብ ካብ ሓጥያት ክመልሶ ንእንኮ ወዱ ኣብ ዝሰደደሉ፣ ነፍሲ ወከፍ ማዕጾ ኣብ ገጽ እግዚኣብሄር ገም ኢላ ዝተዓጽወቶ፣ ሕጂ ንዳግማይ ምጽኣት ወዱ መገዲ ኣብ ዘዳልወሉ ግዜ'ውን ከምኡ ክኸዉን ኢዩ።

እግዚኣብሄር ንዓለም ነዛ ዓባይ ዕለት ከዳልዋ እንከሎ፣ ኣንጻር ቃል እግዚኣብሄር ብምሕንጋድ መዓጹ መሊሰን ክርገጣ ኢየን።  ንስኺ ከም መልእኽተኛ ብርቱዕ ተቓውሞ ክገጥመኪ ኢዩ። ብዙሓት መዓጹኦም ክዓጽዉዎ ጥራይ ዘይኮነ - እዚ ሓደ ጸርፊ ጥራይ ኢዩ - ሕሱም ጽያፍ ብምጭዳር ክጎድኡኺ ኢዮም፣ 'ዛ ጓለይ፣ ምኽንያቱ ቃል እግዚኣብሄር ክሰምዑ ስለዘይደልዩ።

ኣብ'ዚ ዘየላቡ ግዜ ታሪኽ ወድሰብ መንፈስ ክፍኣት ክዕብልልን ነቶም ኣዝዮም ቅዱሳን ዝበሃሉ ደቂ እግዚኣብሄር ክይተረፈ ክጭፍልቕን ኢዩ። መታን ምሕረት ወደይ ክነጽጉ ነቲ ሚልዮናት ዝለክፍ ክፉእ መንፈስ ዝምክትዎ'ሲ እቶም ኣዝዮም ተባዓት ጥራይ ኢዮም።

እቶም መልእኽቲታት ጥራይ ኣይኮኑን ዝጽልኡ፣ እቲ ካብ ትሕጃ እቲ ክፉእ ብምሕረት ወደይ ብዙሓት ነፍሳት ናይ ምድሓነን ፍርሒ እንኮላይ ኢዩ። እቲ ክፉእ ናብ ልቢ ብዙሓት ነፍሳት፣ ብፍላይ'ኳ ነቶም ናብ ወደይ ቀረባ ዝኾኑ፣ መንገዱ ክሰርሕን ክኣልምን ኢዩ። እቶም ቀዳሞት ዕላማ ናይ'ቲ ክፉእ፣ እቶም ኣብ ውሽጢ ቤተክርስቲያን ወደይ ዘለዉ ውፉያት ተኸተልቲ ኢዮም፣ ንመብዛሕትኦም ድማ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ኣንጻር ቃል እግዚኣብሄር ክልውጦም ኢዩ።

እቲ ሓቀኛ ቃል ወደይ፣ የሱስ ክርስቶስ፣ ድሕሪ ነዊሕ ዘመናት ተበሪዙ ኢዩ፣ ከምኡ'ውን ትሕዝቶታት መጽሓፍ ቅዱስ ብብዙሓት ንወደይ ንፈልጦ ኢና ዝብሉ'ውን ተኻሒዱ ኢዩ። ዘከሪ፣ እቲ ንነፍሳት ዝግበር ግጥም ኣብ መንግስቲ ኣቦይ

ብዘለዉ መላእኽቲን ጻድቃናትን ኣንጻር እቲ መስሓቲ ይካየድ ከምዘሎ። ንስኺ፣ 'ዛ ጓለይ፣ ኣብ ሞንጎ ተታሒዝኪ፣ ብኸም'ዚ ፍኹስ ዝበለት ግዳይ ክትኮኒ ኢኺ።

ብሰንኪ ግዝፊ ናይ'ዚ ተልእኾን፣ ከምኡ'ውን ነብዪት - እምበር ብዓልቲ ራኢ ስለዘይኮንኪ - ተነጺልኪ ክትሰርሒን ኣብ ሞንጎ ሰባት ክትጽልኢን ኢኺ። እዚ ምስቓይ'ዚ ከሕዝነኪ ወይ'ውን እኹል ጽንዓት የብለይን ዝብል ስምዒት ከሕድረልኪ ከተፍቅዲ የብልኪን፣ እዚ ክኸውን ስለዘይክእል። ተላኢኽኪ ኢኺ፣ ዑቕባ ኣለኪ፣ ተላዒልኪ ቃል ኣምላኽ ምግላጽ ክትቅጽልዮ ኢኺ፣ ክሳብ'ታ መወዳእታ መዓልቲ። እዚ ኣቐዲሙ ተነጊሩ ኢዩ፣ ነፍሳት ዓለም ምስ ደሓናን እታ ሓዳስ መንግስቲ - ሓዳስ ገነት - ምስ ጀመረ፣ እዚ ስቅያት'ዚ ሳዕቤን ዘበሃል የብሉን።

ደስ ይበልኪን ኣይትፍርሒን። ኣነ፣ ፍቕርቲ ኣዴኺ፣ ክመርሓኪን ክከላኸለልኪን ኢየ፣ ኣብ'ቲ ዝጸልመተ ሰዓታትኪ ከይተረፈ፣ መታን ብርሃን እግዚኣብሄር ንኣእምሮኺ፣ ኣካልኪን መንፈስኪን ክመልኦ፣ ወትሩ።

ኤፍቅረኪየ፣ 'ዛ ጓለይ፣ ህያብ ጽንዓት ተዓዲሉኪ ከም ዝኾነ ክትፈልጢዮ ኣለኪ። ኩሉ ሕጂ ኣብ ኢድ እግዚኣብሄር ኢዩ። ብእኡ ክትኣምኒ ኣለኪ፣ ኩል ግዜ።

ፍቕርቲ ኣዴኺ

ኣደ እግዚኣብሄር

ኪዳነ ምሕረት

# ሓያል ምንቅጥቃጣት ምድሪ ኣብ ሩሲያን ቻይናን ኣብ ቀረባ ግዜ ክህሉ ኢዩ፣ ሓደ ድሕሪ ሓደ ድማ ኢዩ ክኸዉን

ረቡዕ፣ ሓምለ 03, 2013 ሰዓት 13፣30

ብብዙሕ እተፈቐርኪ ዓለይ፣ ምሳኺ ዘሕልፎ ግዜ ከመይ ከም ዝናፈቐኩዎን፣ እቲ ንመዓልታት ሽፊኑኪ ዝነበረ መንፈሳዊ ደልሃመት ስለዝተላዕለ ከመይ ከም ዝተሓጎስኩ። መታን ክሕልወኪ'ሲ፣ ነቲ ኣዝዩ ቅዱስ ውዳሴ ማርያም ምድጋም ቀጽልዮ፣ ኩሉ ድማ ጽቡቕ ክኸዉን ኢዩ።

ምድሪ ከተንቀጥቅጥ ኢያ፣ ከም'ቲ ዝተነበየ፣ ሓደ ሲሶ ክፋላ ክነድድ ኢዩ፣ ሰሪ ቀጥታዊ ሓጥያት ወድ ሰብ። እዞም ኣብ'ቲ ነቦይ ዘቐጥዑዎ እከይ ሕጋጋት ዘለዉዎ ክፋላት ዓለም ዝፈስሱ ዝበዝሑ ባርዓት ብጸሎት ክፋኾሱ ይኽእሉ ኢዮም። ክሳብ እቶም ነቲ ሓቂ ዝፈልጡን ንቃል ኣምላኽ ዝቕበሉን ንእግዚኣብሄር ዘኽበሩዎ፣ ኣንጻር ሕጋጋት እግዚኣብሄር ዝግበሩ ሓጥያታት ክጻወሮም ኢዩ። እንተኾነ ግዳ ሕጂ፣ እቶም ናብ ስልጣን ዘምጻኹዎም ሰባት ንእግዚኣብሄር ሕቖኦም ሂቦሞ ኢዮም፡፣ ነዚ ድማ ብከባብያዊ/ኢኮሎጂያዊ ሕንፍሽፍሽ ክቕጽዑ ኢዮም። ንጽህና እቲ እንኮ መበራብሪ መንገዲ ወዲ ሰብ ኢዩ፣ ንነፍሲታቶም ጣዕሳ መታን ከርእዩ። ካልእ መንገዲታት፣ ዋላ'ኳ ምልዋጥ የምጽእ እምበር፣ እኹል ኣይነበረን። ሰባት ብዙሕ መቕጻዕቲታት ከጋጥሞም ኢዩ፣ ኣረማውነት ለቢሶም ንሓድሕዶም ምቅታል ክቕጽሉዎ ኢዮም።

ጣልቃ ምእታው እግዚኣብሄር ኣድላዪ ኢዩ። ብዘይክኡ ተራሕሪሕኩም ክትተርፉ ኢኹም።

ሓያል ምንቅጥቃጣት ምድሪ ኣብ ሩሲያን ቻይናን ኣብ ቀረባ ግዜ ክህሉ ኢዩ፣ ሓደ ድሕሪ ሓደ ድማ ክኸዉን ኢዩ። ክቱር ኩነታት ኣየርን ሃንደበታዊ ምቅይያር ካብ ዝሑል ናብ ኣዝዩ ውዑይ ክርኤ ኢዩ። ወቕቲታት ከም ቀደሞም ኣይክርኣዩን ኢዮም።

ዕልቕልዕን ማዕበላት ባሕሪ ተራእዮምሉ ኣብ ዘይፈልጡ ክፋላት ዓለም ክርኣዩ ኢዮም። ኣብ'ተን ኣንጻር እግዚኣብሄር እከይ ሕግታት ዘሕለፉ ሃገራት ምንጥቃጥ ምድሪ መሬታቶም ክናወጽ ኢዩ፣ እቶን ንዓይ ዝፈልጡ ድማ ስለምንታይ እዚኦም የጋጥሙ ከም ዘለዉ ክፈልጡ ኢዮም።

እቶም መቕጻዕቲታት ኣብ ዘጋጥሙሉ፣ ካልኣይ ሕሱም መቕጻዕቲ ክመጽእ ኢዩ፣ እዚ ኣብ’ተን ንሓቂ ኮነ ኢለን ዝዓግታኦ ናይ ሓሶት ኣብያተ ክርስትያናት ክወርድ ኢዩ። እዚኣተን እቲ ዝኸፍኤ ስቅያት ክገጥመን ኢዩ፣ ሰሪ እቶም ካባይ ዝሰረቑወን ነፍሲ.ታት።

ብዛዕባ እቲ ኣብ ማሕተማት ዘለዉ ትንቢታት ብዙሕ ኣብ ዝገልጸሉ፣ ወድ ሰብ መወዳእታኡ ነቲ ሓቂ ከለሊዮ ኢዩ። እግዚኣብሄር ፍቕሪን፣ ከምኡ’ውን ፍትሓዊ ይኹን’ምበር፣ ትዕቢት፣ ኣነነትን፣ ፍቕሪ-ነብሶም ካብ ደቂ ሰብ ክጠፍእ መቕጻዕቲታቱ ኣብ ደቂ ሰብ ከዝንብ ኢዩ፣ እዚ ድማ መታን ወድ ሰብ ኣብ’ታ ሓዳስ ገነቱ ክኣቱ ክበቅዕ ኢዩ። እቶም ንጹሃትን ሰብ ትሑት ልብታትን ጥራይ ኢዮም ድማ ነዚ ህያብ ዝዋሃቡ።

ናትኩም የሱስ

**ምቅሕሓር ንህዝብታት ኣብ ዝኸፋፍለሉ ግዜ፣ ዘይምትእምማንን ፍርሒን ማሕረሰባዊ ህውከት ምስዓቡ ክቕጽል ኢዩ**

**ረቡዕ፣ ሓምለ 03፣  2013 ሰዓት 23፣15**

ኣዚኺ ዝተፈቐርኪ ጓለይ፣ ውግኣትን ህውከትን፣ ከም'ቲ ኣቐዲሙ ዝተነግረ፣ ከም ባርዕ በዱ ኣብ መላዕ ዓለም ክላብው ኢዮም። ኣዝዩ ንእሽቶ ክፋል ዓለም ጥራይ ኢዩ በዚኦም ውግኣትን ወረ ዘይምቅዳዋትን ዘይጽለዉ።

ምቅሕሓር ንህዝብታት ኣብ ዝኸፋፍለሉ ግዜ፣ ዘይምትእምማንን ፍርሒን ሕብረተሰባዊ ህውከት ምስዓቡ ክቕጽል ኢዩ፣ ዘይክርስቲያናዊ ሕግታት ክበዝሑ ክጅምሩ ኢዮም፣ መታን ቅትለትን ምንጻል ጥንሲን፣ ከምኡ'ውን ኣንጻር ምስጢራት-ቤተ ክርስትያን ዝግበሩ ተግባራት ኣብ ሃገራትኩም ክሕገጉ። ብዙሓት ብሰንኪ'ዞም ሕግታት ብዙሓት ናብ ሓጥያት ክምርሑ ኢዮም፣ ኣብ ኣዝዩ ቀረባ ግዜ ድማ እቲ ቃንዛ ደልሃመት ነፍሲ ክመጽእ ኢዩ'ሞ፣ ውሑዳት ጥራይ ኢዮም ነዚ ክጎስይዎ ዝኽእሉ።

ስለምንታይ ኢዩ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ኣብ ሓድሕድ እምነት ዘጥፍእ ዘይልሙድ ሃዋሁ ነጊሱ፣ ስለምንታይ ኢዩ ዓያሱ መታን ከንይንብሃል ኢልና ከም'ቲ ክርስቶስ ዝደንገገ ሂወትና ክንመርሕ ምኽኣል ኣሸጋሪ ኮይኑ ኢሎም ክሓቱ ኢዮም። እቲ መልሲ ኣብ'ቲ ሃገራትኩም፣ ሓደ ብሓደ፣ ኮኒነናኒ ጥራይ ዘይኮነስ ሓጥያት ሕጋዊ ኢዩ ኢለን ምእዋጀን ኢዩ ዘሎ። እዚ ክኸዉን ከሎ፣ ሰይጣንን ጭፍራታቱን ክቐትሉ ፊንፊን ክብሉ ኢዮም።

ኣዝዮም ሓያላት ኮይኖም፣ ብመንገዲ እቶም ንሓጥያት ቅቡል ዝገብሩ ነጻ ሕግታቶም ድማ ብሓዊ ቅቡላት ክኾኑ ኢዮም፣ ድሕር'ዚ ብሰንኩ ኣብ ልቢ ወድ ሰብ ሰላም ዝበሃል ኣይክህሉን ኢዩ። እዚ ከም'ቲ ካብ ወለዶም ተሰሪቖም ዝተኣስሩ ህጻናት፣ ምእሳሮም ክርስው ኢልካ ጽቡቕ ነገራት ጥራይ እትምግቦም ኢዩ። ኩሉ እቲ ዘሔጉስ ዝቖረበሎም ነገራት፣ ምቾት ኣይህቦምን ኢዩ። እኳ ግዳ፣ እዞም ህጻናት ርቡሻት፣ ኣልቦነትን ዝስምዖም ኣብ ርእሲ ምኺኖም፣ እቲ ብህላወ ወለዶም ጥራይ ክርከብ ዝኽእል ሓቀኛ ፍቕሪ ክስምዖም ሃረር ክብሉ ኢዮም።

ህላወ እግዚኣብሄር ሕጂ'ውን ኣብ ሃገራትኩም ኣሎ፣ እንተኾነ፣ ኣነ፣ ወድ ሰብ፣ እኪያት ሕግታት ኣብ ምድርታትኩምን ኣብ ቀረባ ግዜ'ውን ኣብ ኣብያተ ክርስቲያንኩም እንዳኣታተዉ ቀልጢፎም ክሳብ ዝውግዱኒ ዘለዉ፣ ከም'ቶም መኸዲ ዘይብሎም ዘኽታማት ርእሱም መዕለቢ ዘይብልኩም ክትኮኑ ኢኹም።

ብዘይ እግዚኣብሄር ሰላም ዝበሃል የለን። ብዘይ ብኣይ፣ ብመንገዲ ኣስተምህሮይ ዘለዀ የሱስ ክርስቶስ፣ ዘገም እንዳበልኩም ትጠምዩ ኣለዀም። ኣብ’ዚ እዋን ልዕሊ ኩሉ ግዜ፣ ናባዀም መጺኤ እቲ ሃንቀው እትብሉዎ ምጽንናዕ ክህበኩም ኢየ’ሞ፣ ብሰንኪ’ዞም ሕግታት እዚኣቶም ንዓይ ዘለኩም ተወፋይነት ደው ከተብሉ ኣይትፍቅዱ።

ኤፍቅረኩም ኢየ። ስለ ምብዳምኩም እበኪ፣ ከምኡ’ውን እዚ ምስጓግ ሓጺር ከም ዝዀዉን ቃል እኣትወልኩም።

ናትኩም የሱስ

## እግዚኣብሄር ኣቦ፡- ኣብ ዓለም ዘሎ መደባት ምንጻል ጥንሲ ዝቆጻጸሮ ከም ዘሎ እፈልጥ ኢየ

**ሓሙስ፣ ሓምለ 04፣ 2013 ሰዓት 18፣40**

ኣዚኺ ክብርቲ ጓለይ፣ ኣብ'ዚ ኣብ ዓለም ኣንጻረይ ዓብዪ ሓጥያት ዝፍጸመሉ እዋን፣ እቲ ብሓይሊ ጣልቃ ዝኣትወሉ ግዜ መጺኡ ኣሎ።

ብሰንኪ እቶም ዝርእዮም ዘለኹ ኣንጻረይ ዝግበሩ ዘለዉ ዓበይቲ ጸርፍታት፣ ዓቕለይ ተፈቲኑ ኢዩ፣ ሕርቃነይ'ውን ተላዓዒሉ ኣሎ።

ከም ፈጣሪ ኩሎም ሂወታውያን፣ ኣነ መሃዚ ሂወት ኢየ። ከም ዘድልየኒ እፈጥሮ፣ ከም'ቲ ቅዱስ ፍቓደይ ድማ እድምድሞ። ሰብ ኣብ'ቲ ናተይ ፍቓድ ጣልቃ ክኣቱ እንከሎ፣ ሽዑ ኢየ መሊሰ ዝሃርም፣ ነዚ ዓይነት እከይነት ተጻዋርነት የብለይን'ሞ።

እቶም ዝኾኑ ካብ ደቀይ እትቐትሉ፣ ሂወትኩም ክተብቅዕ ኢያ። ሂወትኩም ክወስዳ ኢየ፣ ብስጋ ጥራይ ዘይኮነ፣ እንኮላይ ብነፍሲ። ዝኾነ ዘልኣለማዊ ዝበሃል ሂወት ኣይክህልወኩምን ኢዩ፣ ኣይክዋሃበኩምን እውን ኢዩ። እቲ እትወስዱዎ ሂወት ንውድቀትኩም ክኸዉን ኢዩ። መቕጻዕትኹም'ሲ ዓይኒ ንዓይኒ ኽከውን ኢዩ።

ስምዑ፣ ኣቱም ብዝኾነ መልክዑ ንሂወት እተጥፍኡ ዘበልኩም። እትገብሩዎ ዘለኹም እፈልጦ ኢየ። ነቲ ኣብ መላእ ዓለም ዘሎ መደባት ምንጻል ጥንሲ ኣብ ሞንጎኹም ዘሎ ሓደ ጉጅለ ከም ዝቆጻጸሮ እፈልጥ ኢየ። እተን ተሃዊኸን ጽዩፍ ዝኾነ ሕጋገታት ብምውጻእ ንምንጻል ጥንሲ ቅቡል ክገብራ ዝቀዳደማ ሃገራት'ሲ ኮራኹር ጥራይ ምኺነን እፈልጥ ኢየ። ብገመድ ተታሒዘን ብቓና ናይ'ቲ ጉጅለ ሓንቲ ዓለም ዝሰዕስዓ ኮይነን፣ ንሓደ መላኺ ጥራይ ኢየን ዝእዘዛ። ተኣዛዝነተን ነቲ ሚልዮናት ሂወት ንምብራስ ዓብዪ መደብ ሒዙ ዝሰርሕ'ሞ ብመንገዲ ሓጥያት ምንጻል ጥንሲ ዝዕወት ዘሎ ኣራዊት ኢዩ። ብኣዒንቶም፣ እቶም ዘይተወልዱ ዝቐለሉ ግዳይ ኢዮም። ንምንጻል ጥንሲ ኣብ ሕግታተይን ፣ ኣብ'ቲ ዝዓበየ ህያብ ንወዲ ሰብ ዝሃብኩዎ - ህያብ ሂወት - ከም ጣልቃ መእተዊ ይጥቀሙሉ ኣለዉ።

ክቱር ትዕቢት ወዲ ሰብ፣ ምስ'ቲ ኣራዊትን ንሱ ካብ ሞንጎኹም ዘዔሸዎምን ዓሪኹ፣ የስገድግደኒ ኢዩ። ፍቕረይ ኣዝዩ ሓያል ኢዩ፣ እንተኾነ ግዳ እቲ ነቲ ናተይ ዝኾነ ነገር ንምብራስ ዝሓለንኩሞ እከይ ሓሳባትኩም፣ ብሃንደበት ደው ክብል ኣብ

ዝግበረሉ፣ ሽዑ ንሂወትኩም ከተእውዩላ ኢኹም። ሕጂ ብመንገዲ ህያብ ዕርቂ ናባይ እንተዘይጸዊዕኩም፣ እትርእዩዎ ብዙሕ ምሕረት ኣይክህሉን ኢዩ። ነፍሲ ወከፍኩም ንምምንጣል ሂወት እቶም  ዘይተወልዱ ሸለል እትብሉ፣ እተወዓውዑ፣ ወይ እትካፈሉዎ ዘበልኩም፣ ንስኹም’ውን ከምኡ ዓይነት መቕጻዕቲ ክገጥመኩም ኢዩ። ነዞም ሂወታት ኣብርሱ እሞ፣ ሂወትኩም’ውን ክትምንጠል ኢያ። ርኢየ ኢየ፣ ብብርቱዕ እንዳተሳቐኹ፣ ንነዊሕ ግዜያት ክሳብ ክንደይ ከምዘዋረድኩምኒ። ግዜኹም ኣብቂዑ ኢዩ፣ ሕጂ ብጽንኩር ክትቕጽዑ ኢኹም’ሞ፣ ሰሪ እቲ ኣንጻር መለኮታውነተይ ዝፈጸምኩዎ ክፉእ ተግባር።

ዘክሩ፣ ንምንጻል ጥንሲ ምቕባሉ ንኽትገድፉዎ ዘለኩም ግዜ ኣዝዩ ውሑድ ኢዩ። ቁጥዔይ ኣብ ኣርባዕቴኡ ኩርናዓት ዓለም ኣብ ቀረባ እዋን ክወርድ ኢዩ። ብሰንኪ ሓጥያት ምንጻል ጥንሲ ኢዩ ወድ ሰብ እቲ ዝኸፍኤ መቕጻዕቲ ዝወርዶ። ዋላ ሓንቲ ሃገር ካብ’ዚ መቕጻዕቲታት ኣይክትተርፍን ኢያ። እተን ምንጻል ጥንሲ ዘየፍቅዳ ሃገራት ጥራይ ኢየን ካብ’ቲ ኣብ ልዕሊ ዓለም ዘውርዶ ዘሰክሕ ቃንዛ ዝተርፉ።

ከም ኣመንጫዊ ሂወት መጠን፣ ማንም ሰብ ኣንጻረይ ክኸይድ መሰል የብሉን። ዋላ ሓደ። እቲ ሂወት ብምውሳድ ንዓይ ክመስል ብምፍታን ክግህሰኒ ዝፍትን፣ ሂወት ክኽልኦ ኢዩ።

ኣቦኹም

ልዑል እግዚኣብሄር

## ስርዓት ሓንቲ ዓለም ማለት ሕማቕ ምስሊ ኣንጻር እቲ ሓቀኛ ስላሴኣዊ እግዚኣብሄር ኢዩ

ዓርቢ፣ ሓምለ 05, 2013 ሰዓት 14፣10

ኣዕዚዝኪ ዝተፈቐርኪ ጓለይ፣ ሓደ ሃይማኖት ኣሎ፣ ዓብዪ ስቅያት ዘስዕበለይ፣ ንሱ ድማ እቲ ናይ ሓሶት ሃይማኖት ኢዩ፣ ነቲ ኣራዊት ድማ የምልኽ። ስርዓት ሓንቲ ዓለም ማለት ሕማቕ ምስሊ ኣንጻር እቲ ሓቀኛ ስላሴኣዊ እግዚኣብሄር ኢዩ፣ እቶም ኣብ ቤት ሰይጣን ዝምእከሉ ድማ ብዙሕ ጸሎት ከድልዮም ኢዩ። ካልእ ዘፍቅሮም እግዚኣብሄር ከም ዘሎ ንኽኣምኑ ተታሊሎም ኢዮም። እቲ ብሩኽ ስላሴ ሓሶት ምዃኑን፣ እቲ ፍቑር ኣቦይ ድማ እኩይ ምዃኑን ተነጊሮም። ንሱ ከም ዝፈጠሮም ኣይቅበሉን ኢዮም፣ ርእሲታቶም ብብዙሕ ሓሶታት ካብ ምምልኦም ዝተላዕለ ድማ ኣእምሮኦም ነቲ ሓቂ ከቶ ኣይክኽፍቱዎን ኢዮም። ነቲ ሕቡእ ካብ ምውፋዮም ዝተላዕለ፣ ኣብ'ቶም ንነፍሲታቶም ዝወሓጡ ንእግዚኣብሄር ጥራይ ዘይኮነ ንኹሎም ደቂ እግዚኣብሄር ብዝጸልኡ ሰይጣናዊ ሓይልታት ተጠሚሮም ኢዮም።

ንነብሶም ጥራይ ኢዮም ዘፍቅሩ፣ ንታሕጓስ ዘለዎም ህርፋን ብዘይዓግብ ዝያዳ ዝብል ሃረርታ ይመልኦም። ብዝኾነ ዓቐን ዓለማዊ ደስታ ኣየዕግቦምን ኢዩ፣ ስለ'ዚ ኢዩ ድማ ካልእ ጽዩፍ ነገር ዊን ዝብሎም። ሂወት ብምሕላፍ ኣዝዮም ይሕጎሱ፣ ኣብ ነፍሲታቶም ድማ ነቲ ብግፍዒ ሂወት ናይ ምሕላፍ በደላቶም ዝኾነ ጣዕሳ የብሎምን። ጽልዋኦም ኣብ መላዕ ዓለም ኣብ ዘለዋ ሃገራት ከስፋሕፍሕ ኢዩ፣ ተኸተልቲ ዲያብሎስ ኣብ ሞንጎ ሃብታማት፣ መራሕቲ ንግድ፣ መንግስታት፣ ነገስታት፣ ትካላት፣ ንመራኽቢ ብዙሓትን ኣተግበርቲ ሕጊን፣ ኣብ ፈረድቲ ኣካላትን ኣብ ቤተ ክርስቲያንን ኽሕወሱዎም ኢዮም።

ሓይልታቶም ኣቃሊልኩም ከይትርእዩዎ። ቁጽሮም ውሑድን ንነፍሲ ወከፍ ክፋል ማሕበረሰብኩም ሰሊኾም ዋላ ኣይእተዉ እምበር፣ ከምዘለዉዎ መሪር ጉድኣት ከውርዱ ኢዮም። ንነፍሲታቶም ንዲያብሎስ ሸይጦመን ጥራይ ዘይኮነ፣ ንኻልኦት ንጹሃት ነፍሲታት ናብ'ቲ እቲ ኣራዊትን ጋኔናቱን ዘለዉዎ ማዕሙቕ ክጎስወን ኢዮም።

ነዚ ዝስዕብ ሓጺር ጸሎት ገድሊ ምስ እትደግሙ፣ ንኹሎም እቶም ተፍቅሩኒ ነዚ እከይን ሓያልን፣ ነፍሲ ወከፍ ካልኢት ናይ'ታ ዕለት ክረግሙኒ ዝውዕሉ ጉጅለ ከስዕሮም ዝኽእል ጸጋታት ክዕድለኩም ኢየ።

## ጸሎት ገድሊ (112) ስለ ጸጋ ድሕነት

"ዝኸበርካ የሱስ፣ ነቶም ብሰይጣን ዝተጎብኡ ነፍሲታት በቲ ፍሉይ ጸጋ ድሕነትካ ክትጉልብቦም እልምነካ ኣለኹ።

ካብ’ቲ ከምልጣሉ ዘይኽእላ ሕማቕ ምርኮ፣ ነዚኤን መሳኪን ነፍሲ.ታት ነጻ ኣውጽኣዬን። ኣሜን።”

እዚኤን መሳኪን ነፍሲ.ታት፣ ነቲ ኣራዊት ናትና ኢለን ክቕበላ ቀዳሞት ክኾና ኢየን፣ ከምኡ’ውን ፍግም ኢለን ነቲ ጸረ-ክርስቶስ ከምልኽኦ ኢየን። ንስኻትኩም ኣበርቲዕኩም ጸልዩ፣ መታን ሰይጣን ኣብ ልዕሊ’ዚኤን ነፍሲ.ታት ዘለዎ ስልጣን ክስበርን፣ ልብታተን ድማ ነቲ ዓብዪ ምሕረተይ ክኽፈታን።

ናትኩም የሱስ

## እታ ትጥዕሞ ሰዓት ክሳብ ትኣክል፣ ንሓቂ እግዚኣብሄር ከም መሕብዒ ክጥቀመሉ ኢዩ

ሰንበት፣ ሓምለ 07, 2013 ሰዓት 17፣35

ኣዕዚዝኪ ዝተፈተኺ ብዓልቲ ቤተይ፣ ብስመይ ዓው ዓው እንተበሉኺ ወይ እንተረገሙኺ እንታይ ኣገዳስነት ኣለዎ? እቶም ኩሎም ነቲ ኣዝዩ ቅዱስ ቃለይ ዝእውጁን ምሳይ ኣብ ዘለዎም ሕብረት ጸኒዖም ዝነብሩን እንተተሞቕሑን እንተተቐጥቀጡን እንታይ ኣገዳስነት ኣለዎ? ሓይለይ ኩሉ ዝከኣሎ ምኽኑን ክስበር ከምዘይኽእል ኣይፈልጡን ዲዮም፣ ዋላ'ኳ ኣዕጽምተይ ክሰብሩዎ እንተኸኣሉ።

ሓደ ሓኪም ሂወት ሓደ ሰብ ከድሕን ኣብ ዝቃለሰሉ ግዜ፣ ዋጋኡ ብዘየገድስ፣ መታን ክዕወት ዝከኣል ዘበለ ክገብር ኢዩ። ካልኦት ደው ከብልዎ ደልዮም እንተቛረጹዎ፣ ውፉይ ሓኪም እንተኾነ፣ ንኹሉ ነቲ ዝሓሰቦ መንገዲ ዘጋጥሞ ተቓውሞታትን ፈተነታትን ዕሽሽ ኢዩ ዝብሎ፣ ብልቡ ነታ ሂወት እቲኣ ከድሕና ከምዝኽእልን ከም ዘድሕናን እንተፈሊጡ። ክሳብ ፍረ ጻዕሩ ኩሉ ዝርእዮ ድማ ክቕጽል ኢዩ። ክሳብ እታ ሂወት ትድሕን ይጸንዕን ሽዑ፣ ኩሉ ምስተወድኤ፣ በቶም ምኽንያቶም ብዘየገድስ ኣብ'ቲ ሂወት ናይ ምድሓን ጻዕሩ ክዕንቅፉዎ ዝፍትኑ ዝነበሩ ሰባት ባዕሎም ብፍቕሪ ሰላም ክብሉዎ ኢዮም። በዚ ድማ ኩሉ እቲ ፍሕፍሕ ይርሳዕ።

እዚ ቅዱስ ተልእኾ'ውን ልክዕ ከምኡ ኢዩ፣ እቲ ብኣቦይ ደቂ ንክድሕኑ ኣብ'ዘን መወዳእታ መዓልታት ቅድሚ ዳግማይ ምጽኣተይ ዝተኣትወ ሙብጽዓ። ነዚ ተልእኾ'ዚ ዕንቅፋት ክገጥሞ ተጸበዩ ኢኹም፣ ምኽንያቱ ከም'ዚ ዓይነት ተቓውሞ እንተዘይስሒቡ፣ ርኢኹም፣ እዚ መልእኽተይ ንዓኻትኩም ብርግጽ ካብ ፍቕርኩም የሱስ ከምዘይኮነ ክትፈልጡ ኢኹም።

እቲ ሓቂ ክእወጅ እንከሎ፣ ብቐሊሉ ዝቕበሎ የለን፣ ዋላ ቃል እግዚኣብሄር ይኹን። ሓሶትታት፣ ከም ሓቂ ተቐናጂዮም፣ ኣብ ዝቐርቡሉ ግዜ ግን፣ ቅልጥፍ ኢሎም ይቕበሉዎም፣ ኣብ መብዛሕትኡ እዋናት ድማ ብሙዉቕን ሕጉስን ኣገባብ ሓንጎፉይ ይብሉዎ። ብዛዕባ በቶም ከም ወሃብቲ-ቃለይ ኢና ብዝብሉ ጸላእተይ ዝቕርቡ ሓሶታት ተጠንቀቑ። ብብዙሓት መንገድታት ከስሕቱኹም ኢዮም፣ ምኽንያቱ በቲ ምትላሎም ከይትሕዝዎም ስለዝፈርሑ። ግዚያቶም፣ ምስቶም ኣብ ዓለም ከም ጥዑያትን ቅዱሳንን - ንጹሃት ኣገልገልቲ - ዝፍለጡ'ሞ ሕጂ ምሳይ ኣብ መንግስተ ሰማያት ዘለዉ፣ ብምዝማድ ከሕልፉዎ ኢዮም። ብምዝማዶም ድማ ከም እሙናት ደቀ-መዝሙር ናይዞም ጻድቃናት ክርኣዩ ኢዮም። ሽዑ ነቲ ሓቅታት ኣስተምህሮታተይ ብምድጋሞም፣ ከደናግሩኹም ኢዮም። ንስኹም ክትብሉ ኢኹም፦ "ግን እዚ ከመይ ኢሉ ይኸውን?" "እዚ ሰብ'ዚ ነቲ ሓቂ ይዛረብ ኣሎ።"

ናይ’ቲ ኣራዊት ምትላል ልዕሊ ምርዳእኩም ኢዩ፣ ፍቑራት ሰዓብተይ። መንነቱ ከይፍለጥ ኣዝዩ ጥንቁቕ ስለዝኾነ’ሲ ድሕሪ እቲ ሓቂ ኢዩ ዝሕባእ። ኣብ ውሽጢ መሳኪንን ዝተደናገሩን ነፍሲታት ኣብ ዝሓድረሉ ግዜ፣ ግዜኡ ክሳብ ዝኣክል፣ ብድሕሪ ሓቂ እግዚኣብሄር ተሓቢኡ ኢዩ ዝጸንሕ። ድሕሪኡ፣ ኩሉ ጽያፍ ኣንጻር ቃል ኣምላኽ ክወርድ ኢዩ፣ ንብዙሓት ግዳ፣ እዚ ብግልጺ ኣይርኣይን ኢዩ። ድሕሪ’ቲ ብጥንቃቐ ዝተሃንጹ ቃላት ርኣዩ፣ እቲ ሓሶት ከትረኽቡዎ ኢኹም። ምስ ከም እዚ ዓይነት ሓይሊ ኢዮም ደቂ እግዚኣብሄር ክከራኸሩ ዘለዎም።

መንፈስ እከይ ከም ጸሊ ደበና ኢዩ፣ ሙሉእ ብሙሉእ ኣብ ወዲ ሰብ ምስ ዝወርድ፣ ጽቡቕን ክፉእን ንምፍላይ ኣሸጋሪ ይገብሮ። እንተኾነ፣ እመባጻዓልኩም፣ እዚ ደበና’ዚ ከም ዝላዓልን ብርሃን እግዚኣብሄር ኪጋልሆ እንከሎ፣ ኩሉ እቲ ርኽሰት ብዝኸፍኤ መልክዑ ክራኣየኩም ኢዩ፣ ከም’ቲ ብዓይኒ እግዚኣብሄር ዝርኤ።

ኣብ ሞንጎ እቶም ንሓደ ሓቀኛ እግዚኣብሄር ዝኽተሉ ህዝቢ እቲ ውግእ ክቕጽል ኢዩ፣ እቲ እከይ ኣብ ሞንጎኦም ሕንፍሽፍሽ ስለዘእትወሎም። እዚ ጉጅለ ኣብ ክልተ ክምቀል እንከሎ፣ ካልኦት ክትጽልዩሎም ዝግባኣኩም ኣለዉ። ንሳቶም ድማ እቶም ካብ እግዚኣብሄር ኣዝዮም ካብ ምርሓቖም ዝተላዕለ፣ ኣብ ዝኾነ መድረኽ ንእግዚኣብሄር ኣፍልጦ ዘይህቡዎ ኢዮም። እዚኣቶም እቶም ዝጠፍኡ ነፍሲታትይ ኮይኖም፣ ነዚ ተልእኾ’ዚ ንዓኣቶም ኢየ ወፍየዮ። ነቶም ፈጺሞም ዝጠፍኡ ከድሕኖም እንከለኹ፣ እቲ ጣልቃ ምእታወይ ነቶም ካልኦት፣ ተደናጊሮም ጥራይ ዘለዉ ካልኦት’ውን ከድሕኖም ኢዩ።

ንዑ፣ ተኣከቡ፣ ኩሉኹም፣ ኣብ ቅድሜይ፣ ግዜይ ኣዝዩ ቀሪቡ ኣሎ’ሞ። ዋላ ሓደ’ኳ ካባኹም ነቶም ሓገዝኩም ኣዝዩ ዘድልዮም ነፍሲታት ካብ ምጽላይ ከይደናጎ።

ናትኩም የሱስ

## እቶም ብመንገዲ ሙሴ ብኣቦይ ንዓለም ዝተዋህቡ ዓሰርቱ ትእዛዛት ብወዲ ሰብ ዳግማይ ይጽሓፉ ኣለዉ

**ሶኒ፣ ሓምለ 08, 2013 ሰዓት 17፣00**

ኣዕዚዝኪ ዝተፈቐርኪ ጓለይ፣ ንሓጥኣን ዘሎ ተስፋ ኣዝዩ ውሑድ ምዃኑ ኣብ ዝተሰማዓኪ ግዜ፣ እቲ ዓብዪ ምሕረተይ'ሲ መወዳእታ ዘይብሉ ምዃኑ በጃኺ ዘክሪ። ዋላ ሓንቲ እኳ ኣብ'ዛ ዓለም ካብ ዘለዉ ነፍሲታት ክሓቑፉን ህያብ ምሕረት ከምጽኣላን ዘይደሊ የላን። ንኹሉኹም ኤፍቅረኩምየ። ነቶም ኩሎም ስለ ህያብ ድሕነት ዝልምኑኒ ይቕረ እብል ኢየ፣ እንተኾነ ግዳ እዚ ማለት ነቶም ብርቱዕ ሓጥያት ዝፍጽሙ ኣይቀጽዖምን ኢየ ማለት ኣይኮነን።

እቶም ብመንገዲ ሙሴ ብኣቦይ ንዓለም ዝተዋህቡ ዓሰርቱ ትእዛዛት ብወዲ ሰብ ዳግማይ ይጽሓፉ ኣለዉ። ተጎዛዝዮም፣ ተጠዋዮምን ሓድሽ ትርጉም ተዋሂቡዎምን፣ መታን ወድ ሰብ ንሓጥያት ዕሽሽ ክብል ክኽእል።

ናይ ሓሶት ኣማልኽቲ ተምልኹ'ሞ ነዚ ቅቡል ከምዝኾነ ትገብሩ። ብኽምዚ ኣገባብ ንኣቦይ ክተዋርዱዎ ከለኹም መሪር ሓሶት ትነብሩ ኣለኹም፣ ኮይኑ'ውን ኣረሜን እቲ ሓቂ ምስ ረኣዩ ክንስሑ ኢዮም፣ ኣነ ድማ ክሓቑፎም ክጽበ ኢየ።

ንሓድሕድኩም ትቀታተሉ እሞ ከም'ዚ ምግባርና ዘይ ምሕረት ኢና ነርኢ ዘለና ትብሎ። ቅትለት፣ ምርሻን፣ ናይ ምሕረት-ቅትለትን ምንጻል ጥንሲን ሕጋዊ ትገብሩዎ እሞ እዞም ነገራት ጽቡቕ ኢዮም ትብሉ። እዚ ክፍኣት ብዝኸፍኤ መልክዑ ኢዩ፣ ነቲ መሃዚ ኩሉ ሂወት - ፈጣሪ ሰማይን ምድርን - ነቶም መለኮታውያን ሕጋጋት እግዚኣብሄር ብምትንኻፍ ትብድህዎ ኣለኹም። ኮይኑ'ውን፣ ሓቀኛ ጣዕሳ ኣብ ተርእዩሉ፣ ንዓኻትኩም ኣብ ሕቑፎይ ክቕበለኩም ክጽበ ኢየ።

ዘይናትኩም ተባኺኑ፣ ካብ በተኻት ትሰርቁ፣ መታን ነቲ ዘይዓግብ ህርፋንኩም ከተዕግቡ። ዘስካሕክሕ ናይ ስጋ ሓጥያት ትፍጽሙ፣ እዚ ትሕቲ ክብሪ ወድ ሰብ ኮይኑ ልክዕ ከም ኣብ ጋህሲ ዝተፈነዉ እንስሳ ዘገዳም ትኾኑ ኣለኹም። ኣጸያፍነትኩም ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ፉንፉን ኢዩ፣ እንተኾነ ግዳ ናባይ እንተጸዊዕኩምን ምሕረት እንተለሚንኩም፣ ኣብኡ ብዓቕሊ እጽበ ኣለኹ። ህላወ እግዚኣብሄር ብምኽሓድን ሽዑ ድማ ንደቁ ምሳኹም ናብ'ቲ ኣራዊት ዘለዎ ማዕሙቕ ብምውሳድ ንእግዚኣብሄር እንትኣርከስኩሞ፣ ናባይ ተመሊስኩም ክግለጸልኩም ኣብ እትሓቱሉ ግዜ ሕጂ'ውን እጽበ ኣለኹ።

እቶም ነቲ ሓቂ እትቕበሉዎ ኣብ ዕለተ ሰንበት ንዓይ ከተኽብሩ ግዜ የብልኩምን፣ ምኽንያቱ ድልየታትኩም ቅድመይ ትሰርዑዎ ስለዘለኹም ኢዩ። ኣዚኹም ትሃስዩኒ ኣለኹም፣ ምኽንያቱ ድሮ ደቂ ኣምላኽ ምዃንኩም'ሲ ትፈልጡ ኢኹም።

ቤት ኣቦኹም ገዲፍኩሞ፣ ተጽልሉ ናሕሲ ኣብ እትስእኑሉ ግዜ ጥራይ ኢኹም እትምለሱዎ። ኣነ ድማ ክሳብ እንቋዕ ደሓን ተመለስኩም ክብል ክጽበየኩም ኢየ።

ንእግዚኣብሄር ዘለዎም ፍቕሪ ጎዲሉ ኢዩ፣ ከም'ቲ ንወለድኹም ዘለኩም ፍቕሪን ክብረትን ዝጎደሎ። ልብኹም ኣዝዩ ካብ ምትራሩ ዝተላዕለ ከም'ቲ ዝግባኣኩም ፍቕሪ ኮነ ተገዳስነት ኣይተርእይዎምን ኢኹም።

ንእግዚኣብሄር ትጸረፉ፣ ኣዝዩ ክብሪ ብዘይብሉ ኣገባብ መዓልታዊ ስመይ ተጠቒምኩም ትራገሙ፣ እንተኾነ በቲ ኣነ ዝሃርፎ መንገዲ ምሳይ ኣይትዛረቡን። ንኻልኦት ከተጸልሙ እንከለኹም፣ ንዓይ ተጸልሙ ኣለኹም። ዝና ካልእ ሰብ ክትሃስዩ ከለኹም፣ ፍቕሪ ናተይ ትድምስስዎ ኣለኹም። ኮይኑ'ውን ጣዕሳ ኣብ እተርእዩሉ ግዜ፣ ክሓድገልኩም ኢየ።

ንመውስቦ ተዋርዱ፣ ነዚ ኣዝዩ ቅዱስ ምስጢር ቤተ ክርስቲያን ክትውጽዑ እንከለኹም ድማ ኣነኣኢስኩም ትርእዩዎ። ኣብ'ቶም ንሱ ዘይፈልጦም ወይ ክፈልጦም ዘይኽእል መውስቦታት ቡራኬኡ ክትደልዩ እንከለኹም መሊስኩም ንእግዚኣብሄር ትጸርፉዎ ኣለኹም። ኮይኑ'ውን፣ ምጽራፍኩም ትቕጽልዎ ኣለኹም።

ዓለማዊ ነገራት ኣብ ምድላይ ኣዚኹም ካብ ምውሓጥኩምን ብዘይጥዑያት ህርፋናት ካብ ምጉባእኩም ዝተላዕለን፣ ነቶም ኣብ'ዚ መንገድኹም ዝዓግትኹም ሰባት ትድምስሱዎም። ምስ ከምዚ'ውን፣ ናባይ እንተተመሊስኩም፣ ምሕረት ከርእየኩም ኢየ።

ዝኾነ፣ ብዘይካ ኣንጻር እቲ ቅዱስ መንፈስ ዝግበር ምርኻስ፣ ሕድገት ኣይግበረሉን ኢዩ ዝበሃል ሓጥያት የለን። ንኹሉኹም ሕልናኹም ክትምርምሩን ምሳይ ክትዕረቑን እምሕጸነኩም፣ ሕጂ'ውን ደጊመ።

ኣነ ዓቃል ኢየ። ኣነ ፍቕሪ ኢየ። ኣነ መድሓኒኹም ኢየ። ኣነ እጽበ ኣለኹ። ቀልጢፍኩም ምጹኒ፣ ክትርድኡዎ ብዘይትኽእሉ ስምዒት ስለዘፍቅረኩም። ክሳብ ንኹሉኹም ዘድሕነኩም ኣይከዕርፍን ኢየ።

ናትኩም የሱስ